# *'ሓደ ንሓደ' - ደገፍን ውህደትን ኣብ መዓልታዊ ህይወት*

## ሓበሬታ ንተሳተፍቲ

| | |
|---|---|
| ቅድመ-ምድላው | ኣብዚ 'ሓደ ንሓደ' ዝብል ፕሮጀክት ንዓኹም ዝኸውን ሰብ ኣለና። እዚ ሰብ ኣብ መዓልታዊ ሕቶታት ክሕግዘካን፡ ባዘል ከርእየካን ምሳኻ ቋንቋ ጀርመን ክዛረብን እዩ። እቲ ሰብ ገዛ ወይ ስራሕ ኣብ ምድላይ ወይ ብናይ ምርዳእ ደብዳቤታት እውን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።<br><br>እቲ ምሳኻ ዝራከብ ሰብ ብወለንታ እዩ፣ ማለት ብጹቡቕ ተወሃሂዱ ንሰባት ንምፍላጥን ንምድጋፍን ክፉት እዩ። |
| **ኣገባብ** | • ነዚ ፕሮጀክት ብወለንታ ኢኹም ትገብርዎ።<br>• ምስ ኣየናይ ሰብ ከም እትራኸብ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን።<br>• እዚ ሰብ ሰሙናዊ ወይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 14 መዓልታት ካብ 1-2 ሰዓታት ምሳኹም ይራከብ።<br>• እቲ ቆጸራ ዘይጥዕመኩም እንተኮይኑ፡ እንተወሓደ ሓደ መዓልቲ ኣቐዲምኩም ነቲ ሰብ ክትሕብሩ ይግበኣኩም።<br>• ቅድሚ ስእሊ ወይ ቪድዮ ናይቲ ትራኸቦ ሰብ ምውሳድካ ፍቓድ ትሓትት። ብዝያዳ ቅድሚ ምዝርጋሕኩም ደጊምኩም ፍቓድ ሕተቱ (WhatsApp, Facebook, ...)።<br>• ነቲ ትረኽቦ ሰብ ብቀይሕ መስቀል ስለዘይክፈሎ ገንዘብ ኣይትሕተቱ።<br>• ምስቲ ሰብ ርክብካ ከተብቅዕ ምስ እትደሊ፡ ነቲ ኣብ ቀይሕ መስቀል ዝርከብ ሓላፍነት ዝስከም ሰራሕተኛ ተወከስ። |
| **መስርሕ** | • ምስቲ ሰብ ኣብ ናይ መጀመርታ ርክብካ ኣብ ቀይሕ መስቀል፣ ሰራሕተኛ ቀይሕ መስቀል ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ይካየድ።<br>• እተን ቀዳሞት ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣኼባታት ከም ናይ ፈተነ ግዜ ይቑጸራ። ድሕሪኡ እቲ ሓላፍነት ዝስከም ሰራሕተኛ ቀይሕ መስቀል ክረኽበካን እቲ ኣኼባታት ጽቡቕ ይኸይድ ድዩ ኣይከይድን ክሓተካ እዩ።<br>• እቲ ኣኼባታት ዝካየደሉ ቦታን ሰዓትን ዘይፍለጥን ብሓባር ዝውሰንን እዩ።<br>• እቲ ርክብ እንተወሓደ ን6 ኣዋርሕ ይጸንሕ። |
| **ወጻኢ** | እቲ ቅድመ-ምድላው ብነጻ ኮይኑ ዋላ ሓንቲ ክፍሊት የብሉን። ንስኻን እቲ ምሳኻ ዘሎ ሰብን ኣብ ትራከብሉ ግዜ ገንዘብ እንተ ኣውጺእካ (ንኣብነት ን ቡን)፡ ክልቴኹም ነናትኩም ትኸፍሉ። |
| **ርክብ** | ምስ ቀይሕ መስቀል ብWhatsApp ክትረዳድኡ ትኽእሉ ኢኹም። ሕቶ ወይ ጸገም ምስ ዝህልወኩም ነዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፤ 078 410 35 85.<br>ሓደ ሓደ ግዜ ሓበሬታ፡ ነጻ ትኬት ወይ ፍጻመታት ዝሓዘ ብ WhatsApp መልእኽቲ ንሰድድ። ነዞም መልእኽትታት ክትቅበሉ እንተዘይደለኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ከምኡ ክትጽሕፉ ትኽእሉ ኢኹም። |